# <u>መንግስቲ ኦንታርዮ ንስድራቤት ሓገዝ፣ ከም ግብረ መልሲ ኣንጻር ኮረና ቫይረስ።</u>

**<u>ዜናዊ ሓበሬታ: ሚያዝያ 6,2020</u>**

እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ሎሚ ዕለት 06 ሚያዝያ 2020 ብናይ ኣውራጃ ኦንታርዮ መንግስቲ ዝተዋህበ ኢዩ። ብሰንኪ ምዕጻው ቤት ትምህርትን መዋእለ ህጻናትን መንግስቲ ናይ ሓደ እዋን ገንዘበዊ ሓገዝ ይገብር።

**ቶሮንቶ-** መንግስቲ ኦንታርዮ ቀጥታዊ ሓገዝ ይገብር፣ ብሰንኪ ኮረና ቫይረስ ቤት ትምህርቶም ንዝተዓጽዎም ወልዲ ተምሃሮ።

እዚ ሓድሽ ሓገዝ፣ ሓንቲ ግዜ ዝዋሃብ ኮይኑ $200 ንሓደ ቆልዓ ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ካብ 0 ክሳብ 12 ዝዕድመኦም ይወሃብ። ንፍሉይ ክንክን ዝደልዩ ቆልዑ፣ንነፍሲ ወከፎም $250 ካብ 0 ክሳብ 21 ዝዕድመኦም ቆልዑ ይወሃብ።

እዚ መግለጺ ሎሚ ብቀዳማይ ሚኒስተር ዶግ ፎርድ፣ብምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስትር ጥዕናን ክሪስቲን ኢሎት ፣ ብሚኒስተር ትምህርቲ ስተፈን ተዋሂቡ።

“ኣብዚ ፍሉይ እዋን ኩሉ ዝከኣለና ዘበለ ንገብር ኣለና፣ ንወልዲ ንምድጋፍ፣ድሕነትን ናይ ኩሉ ሰብ ንምሕላውን፣ ከምኡ እውን ደቅና ትምህርቲ ከም ዝቕጽሉ ምርግጋጽን፣ ኣእምርኦም ንቑሕ ምግባርን”ቀዳማይ ሚኒስተር ፎርድ ዝበሎ ኢዩ።”እዚ ሓንቲ ግዜ ዝወሃብ ገንዘብ፣ ንደቅና ዘድሊዮም ተወሳኺ መሳርሒታት፣ኣብ ገዛ ኮፍ ኢሎም ንኽመሃሩ ወልዲ ከቕርብሎም ንምሕጋዝ ኢዩ።ደጊመ ንኩልኹም ከዘኻኽረኩም ዝደሊ፣ኣብ ገዛ ኮፍ በሉ፣ናይ ግድን እንተ ኾይኑ ጥራሕ ካብ ገዛኹም ውጹ።ከምዚ እንድሕ ጌርና ጥራሕ ኢና ነዚ ግናይ ቫይረስ ክንስዕሮ እንኽእል”።

“ዓላማና ኣብዚ ፍሉዩ በዳሂ እዋን በዚ ምልባዕ ኮረና ቫይረስ ዝያዳ ንዝተጸልዉ-ናይ ኦንታርዮ ስድራቤታት’ንምሕጋዝ ኢዩ” ኢሉ ሚኒሰር ስተፈን “ምዕጻው ቤት ትምህርትን መዋእለ ህጻናትን ናይ ስድራቤት ንቡር መነባብሮ ኣመዛቢልዎ ይርከብ፣መንግስትና ንስድራቤታት ምሕጋዝን ድሕንነቶም ንምርግጋጽን ኩሉ ዝከኣል ዘበለ ክገብር ኢዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ቀጥታ ናብ ስድራቤት ኢዩ ዝኣቱ፣ቅልጡፍ ደገፍ ምእንቲ ክገብር ኣብዚ በዳሂ እውን” ።

ስድራቤታት ብኦንላይን ማለት ብኢንተርነት ኣብ Ontario's Support for Families web page to access this financial support ፣መምልከቲ ፎርም ብቐሊሉ ክመልኡ ይኽሉ ኢዮም። ኣቐዲሞም ብቐጥታ ኣብ ሕሳቦም ደገፍ ዝለኣኽሎም ዝነበሩ ማለት ዳይረክት ዲፖሲት ኣብ ባንኮም ደገፍ ዝውሃቦም ዝነበሩ ወለዲ ግና ምምልካት ኣየድልዮምን ኢዩ።ብቐጥታ እዚ ስለ ዝምልከቶም እዚ ሓገዝ እዚ ኣብ ሕሳቦም ክለኣኽሎም ኢዩ።